# ሮቡዕ ሰሙነ ሕማማት

ምስባክ፡ ወይንዕዋ ለነፍሰ ጻድቕ ወይኴንን ደመ ንጹሐ፥ ወኮነኒ እግኢአብሔር ጸወንየ መዝ. 93።

ንባባት፡ ማቴ 26፡14-25፥ ሉቃ 22፡2-6፥ ኢሳ 50፡4-9፥ መዝ. 69፡8-10።

ሰሙነ ሕማማት ካብ ሆሣዕና ሰርክ ጀሚሩ ክሳብ ለይቲ ትንሣኤ ዘሎ ዝሓዘ እዩ። እዚ እዋን ነቲ ክርስቶስ ምእንቲ ድሕነት ነፍስወከፍና ኢሉ በቶም ጨካናት አይሁድ ዝተሳቐዮን ዝወረዶ ግፍዕን ስቕለትን ሞትን የዘኻኽረና። ነቲ ደቂ ሰብ አብ ግዝአት ሞት ከለዉ ዘሕለፍዎ ናይ መከራን ኩነኔን ዘመን የዘኻኽረና። አብዚ እዋን ነቲ ንጎይታና ዝወረዶ ሕማማትን ስቓይትን እናዘከርና ንሕና እውን ብዓቕምና ምእንቲ ስሬት ኃጢአትና ክንረክብ ኢልና ብጾምን ብጸሎትን እንሕልፎ ፍሉይ ጊዜ እዩ።

ዕለተ ሮቡዕ ነቲ አይሁድ ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክቐትልዎ ዝመኸሩሉ ዕለት የዘኻኽረና። ሮብዕን ዓርብን ጾመ ድኅነት ኢልና ብዘይካ አብ ጊዜ ብበዓላት 50 ወትሩ ይጽወም። ነቲ ክርስቶስ ምእንታና ኢሉ ዝተኻሕዶን ዝወረዶ ስቕለትን ሞትን ዘኪርና ንጸውምን ንጽልን። ዕለተ ሮቡዕ ከስ ነዚ አይሁድ ንክርስቶስ ክሕዙ ዝመኸሩላ ዕለት ስለ ዝኾነት ዕለት ክሕደትን ጥልመትን፥ ዕለት ስለያ አብ ልዕሊ ኢየሱስ ኢልና ክንሰምያ ይክአል። ምኽንያቱ ይሁዳ አስቆሮታዊ ሓደ ካብቶም ብባህጊ እሙን ረድኡ ኽኸውን ዝመረጾ ስለ ዝኸሓዶ።

ሉቃስ ወንጌላዊ ነዚ ይሁዳ ዝገበሮ ፍጻሜ ኽነግረና እንከሎ "ሽዑ ሰይጣን ናብቲ አስቆሮታዊ ዝብሃል ይሁዳ አተወ" (ሉቃ 22፡3) ይብለና። አይሁድ ንኢየሱስ ከመይ ገሮም ከምዝሕዝዎ ሓርቢትዎም ነሩ ምኽንያቱ በቲ ክሕዝዎ ዝሓሰቡ ዕለት ብዙሓት ነጋድያን አብ ኢየሩሳሌም መጺኦም ስለ ዝነበሩ ህዝቢ ናዕቢ ከየልዕሎሎም ከምኡ አብ ጊዜ ብዓሎም እንተ ኾነ ከይጽይቐሎም ስለ ዝፈርሑ። ሰይጣን ዝሰማምዖ ኩነታት እንተ ፈጠርካሉ ክፍትነካን ከውድቐካን መገዲ አይስእንን እዩ በዚ ኸአ ልቢ ይሁዳ ንሰይጣን ክፉት ነሩ። አብዚ ክልተ ነገር ክንርኢ ንኽእል።

- ከምቲ አምላኽ ሰባት መሳርሕቱ ክኾኑ ዝደሊ ሰይጣን እውን ከምኡ ይደሊ እዩ። ናይ ጽቡቕ ወይ ናይ ክፉእ ነገር መጋበሪ ክትከውን ናይ አምላኽ ወይ ሰይጣን ይክአል እዩ። ዞሮአስትርያን ዝብል እምነት ዓለም ናይ ጽቡቕን ክፉእን፥ ናይ ብርሃን አምላኽን ናይ ጸላም አምላኽን ዓውደ ኲናት እያ፥ ሰባት ከአ አብ ሓዲኡ ወገን ይሕዙ ይብል። ንሕና እውን ናይ ብርሃን ወይ ናይ ጸልማት አገልገልቲ ክንክውን ይክአል ንብል።

- ሰይጣን አብ ልቢ ይሁዳ ዝአተወ ይሁዳ ስለ ዝኸፈተሉ እምበር ባዕሉ አይአተወን። አብ ልቢ ሰብ ብደገ ዝሽጉጥ መዕጸዊ የለን። ብውሽጢ እዩ ክኽፈት ዘለዎ። መብራህቲ አምላኽ ክንከውን ወይ ናይ ሰይጣን ክንከውን አብ ውሳኔና እዩ። ነቲ ሓቀኛ ነገር ክንመርጽ ሓግዘና ንበሎ።

ዕለተ ሮብዕ አብ ሰሙነ ሕማማት "ናይ ስለያ ሮቡዕ" ትብሃል። ምኽንያቱ አብዚ ዕለት ይሁዳ ምስ ሊቀ ካህናት ንኢየሱስ ብ30 ብሩር አሕሊፉ ክህቦ ዝተሰማምዓሉ ዕለት ስለ ዝኾነን ምቹእ ጊዜ የናዲ ስለ ዝነበረን እዩ።

ከመይ ኢሉ ይሁዳ ነዚ ክገብር ክኢሉ? እቲ ንኹሉ ሓዲጉ ብገዛእ ፍቓዱ ክኽተሎ ሕራይ ኢሉ ዝሰዓቦ ብ30 ብሩር አሕሊፉ ክህቦም ክሰማማዕ ክኢሉ። ናይ ይሁዳ እታ ቀዳመይቲ ምኽንያት ውድቀቱ እቲ ሕቡእ ሕይወት ሒዙ ብምጉዓዙ እዩ። አብ ምጅማር ሓዋርያነቱ ቅኑዕን ብምሉእ ፍቓዱን ንኢየሱስ ስዒቡ ክኸውን ይክአል ማለት ብቅንዕና ሓሳቡን ድለቱን ሃረታኡን ስክፍትኡን

ከም ካልኦት ሓዋርያት ይገልጽ ነሩ ክኸውን ይክአል እዩ። እንተ ኾነ ቀስ ብቐስ ክጠልምን ዘይንጹር መገዲ ሒዙ ክኸይድ ጀሚሩ። አብ ርእሱ ጥራሕ አተኩሩ ብምርአይ አብ ከባቢኡ ክርኢ አይክአለን ሽዑ ድነ ጸልማት ንልቡ ክደፍኖ አፍቂዱ። ንፈተናታቱ ንፍርሑ ቃልሱን ድኽመታቱን ክሓብእን ክጕልብብን ጀሚሩ። ንመጀመርያ ጊዜ ይሁዳ ክጉረምርም እንሰምዖ ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ሰበይቲ ንእግሪ ኢየሱስ ብኽቡር ዘይቲ እግሩ ክትደርዝ ምስ ረአየ ዘርአዮ ተቛውሞ እዩ። (ማቴ 26፡6-13፥ ማር 14፡3-9፥ ልይቃ 7፡39-50፥ ዮሓ 12፡1-8)። ይሁዳ ሕርቃኑ አብ ክንዲ አብ ኢየሱስ ዘምጽኦ ብውሽጡ ሒዝዎ አጎረምሪሙ። ውሽጣዊ ጸገማትና አብ አምላኽ ብንጹር ክነቕርብ እንከሎና ጥራሕ ኢና ሓቀኛ መልሲ እንረክብ እምበር አብ ውሽጥና ሒዝናዮ እንተ ተጎዓዝና ንጥፍአትን ምርሓቕን እዩ ዕጫና።

ሓንቲ ነፍሲ ካብ ምስጢራት ምስ ረሓቐት ብፍላይ ካብ ምስጢረ ኑዛዜ ምስ ረሓቐት ከም ናይ ይሁዳ ዕድል እዩ ዝገጥማ። ሰባት ንኃጢአቶምን ጸገማቶምን አብ ውሽጦም ጥራሕ ሒዞሞ ምስ ተጓዕዙ ምስ ካልእ እንተ ዘየካፈሉ ምስኦም ሒዞሞ ንመገዲ ጥፍአት ተሓንጊጦም እዮም ዝጉዓዙ። ንክፍአት አብ ልቡ ሒዙ ዝጉዓዝ ሰብ አብ ውሽጡ መርዚ እዩ ዝነዝሕ። ስለዚ ንክፍአትና አብ መንበረ ኑዛዜ ክንስሓሉን ክንናዘዞን አሎና። ንኹሉ ዘሎና ጸገማት አብ ኢድ ሰማያዊ አቦና ክነንብሮ ከሎናን ንኹሉ ቃልስናን ፈተነታትናን አብኡ ክነረክቦም ከሎና ሽዑ እዩ ሕጉስን ተስፋ ዝመልኦ ሕይወት ሒዝና እንነብር። ናይ ትሕትና አጽዋር ንሓይሊ ሰይጣን አምኪኑ ሰብ ምሉእ ዓቕሚ ይገብረና። ንኃጢአትና ካብ ምንዛዝ እንተ አቋረጽና ንሰይጣን አብ ልብና ክአቱ አፍደገ ንኸፍተሉ፥ ንውድቀትን ክሕደትን ቅሉዓት ንኸውን። ኩሉ ጊዜ ኃጢአት ዘይምንንዛዝ ካብ አምላኽ ካብ ቤተ ክርስትያንን ካብ ከማና ዝአመሰሉ ሰባት ከም እንርሕቕ ይገብረና።

ኃጢአትና አብ ክንዲ ምንዛዝ ክንሓብእ ወይ ሱቕ ኢልና ከይተናዘዝና ክነብር እንከሎና ወይ ክነቋርጽ እንከሎና ንሰይጣን አብ ልብናን ሕይወትናን ክአቱ ነፍቅደሉ አሎና ማለት እዩ።

ይሁዳ አብ ክሕደት ቅድሚ ምብጽሑ ምስ ኢየሱስ ምዝራብ አቋሪጽዎ ነሩ ይኸውን እዩ። ወላ እንተ ተዛረበ ብቀለዓለምን ብግዳማዊ ነገር እምበር ናይ ልቡ ይዛረብ አይነበረን። መብዝሕትኡ ጊዜ ብዛዕባ ገንዘብ ዝርኢ እዩ ዝዛረብ ነሩ ምኽንያቱ ትሓዝ ገንዘብ ስለ ዘይነበረ። ከም ሓደ እሙን ሰዓብን ዓርክን ብግላዊ ነገራት ምስ ኢየሱስ ምዝራብ አቋሪጽዎ ነሩ እዩ።

ተስፋ እገብር እዚ ጉዕዞ ጾምና ምስ ኢየሱስ ብግልና ድልዱል ርክብ ክንፈጥር ሓጊዙና ክኸውን። ጾምና ቀንዲ ዓላምኡ ምስ አምላኽ ድልዱል ርክብ ገርና ምስኡ ሓድነት ክንፈጥር እዩ። አብቲ ዝገበርናዮ ጸሎት ብግዳማዊ ነገር ጥራሕ ዘይኮነ ብሓቂ ብልብና ረኺብናዮ ክንከውን።

ይሁዳ ምእ ኢየሱስ ክዛረብ ምሉእ ዕድል ነርዎ እዩ። እዚ ኽገበር እንተ ፈርሐ ናብ ማርያም ቀሪቡ አደይ ማርያም አነ ሕማቕ አሎኹ ልበይ ሕይወተይ ብኽፍአት ተመሊኡ ንወድኺ ብግዳም እየ ዝኽተሎ ዘሎኹ እምበር ልበይን ቀልበይን ምስኡ የሎኹን፥ ልበይ ብቕንኢ፥ ሕርቃን፥ ክፍአት፥ ትዕቢት፣ ሕማቕ ሃረርታን መሊኡ አሎ። አደይ ነዚ አብ ወድኺ ከይናዘዝ ፈሪሓ የሕፍረኒ አሎ በዚ ኸአ አብኡ እምነት የጉድል አሎኹ ። ንሱ ዝገብሮ ዘሎ ክቕበሎ አጸጊሙኒ፥ ልበይ አንጻር ትምህርቱ እናተረ ይኸይድ አሎ፥አደይ መዓረይ ሓግዝኒ አባዒ እምዕቆብ አሎኹ ክብል ምኽአለ ነሩ።

ወይ እውን ናብ ጴጥሮስ ከም ዓቢ ሓዉን ናብ ኢየሱስ ዝያዳ ቅርበት ዘለዎ ቅርብ ኢሉ ጴጥሮስ ሓወይ እስከ ውጽእ ንበለ ግላዊ ዘረባ አሎኒ። ተጸጊመ አሎኹ ኩሉ ተሓዋዊስኒ ዕረፍቲ ስኢና በጃኻ ስምዓንን ሓግዘንን ክብል ምኽአለ።

እታ መጀመርያ አፍደገ ትሕትና ካብ ገዛእ ርእስኻ ወጺእካ ንካልኦት ሓግዙኒ ክትብል እንከሎኻ እዩ፥ ትሕትና ኸአ ውሓዚ አፍደገ ምሕረት አምላኽ ትኸፍት።ሰብ ዝጠፍእ አብ ገዛእ ርእሱ ተዓጽዩ ንነገራት ባዕሉ ብፍላይ አብ ኃጢአት እንከሎ ንገዛእ ርእሱ ክመርሕ እንከሎ። ዕዉር ሕልናን ልብን ዘልኦ አብ ጽቡቕ መገዲ ክጉዓዝ ከቢድ እዩ ብግድን ዝሕግዚ የድልዮ። ሓግዘኒ

ዝበለ ጥራሕ እዩ ሓገዝ ዝረክብ። ይሁዳ ምስ ነፍሱ ጥራሕ ይዛረብ ስለ ዝነበረ ቅኑዕ መገዲ ክወስድ አይ ክአለን። ንርእሱ ጊዜ አይ ሃባን፥ በቲ ዝስምዖን ዝገብሮን ዝነበረ ክፍአት ክምራሕ ደልዩ እዚ ኸአ አብ ዝገደደ ክሕደት መምህሩ አብጺሕዎ። ዘገርም ንኹሉ ክፍአት ምስ ፈጸመ እሞ መምህሩ ይመውት ከምዘሎ ምስ ፈለጠ ተጣዕሱ ተሓኒቑ መይቱ ድሕርማይ አብ በዓቲ እዩ።

እዚ ናይ ይሁዳ ጠባይ ኩልና በበእዋኑ እንፍጽሞ እዩ። ንአምላኽን ንከማና ዘመሰሉ ቅኑዓት ሰባት ክመኽሩና ካብ ጌጋና ክመልሱና እናነገሩና ምስማዕ ንአቢ ሽዑ ኩሉ ፋሕ ምስ አበልና ንጥዓስ ንበኪ ንጉሒ። እዚ እዋን እምብአር መጀመርያ ባዕልና ከምቲ በዳኒ ውሉ አብ ቅድመኻን አብ ቅድሚ ሰማይን በዲለ ተዓረቕኒ ኢልና ብኽፍአትና ተነሲሕና ጉዕዞ ንስሓ ንጀምሮ። እዚ እንተ አሕፈረና ወይ እውን እንተ አሰከፈና አብ አቦነፍስና ወይ አብ ሓደ እሙን ዓርክና ቀሪብና አብ ቤት ሰማያዊ አቦ አእትወኒ ሓግዘኒ ንበሎም። እቲ መገዲ ንስሓን ዕርቅን ብዙሕ እዩ እቲ ምርጫን ውሳኔን ካባና እዩ።

አብዛ መጨረሻ መዓልቲ ጾም ብጸሎትን ንስሓንን ጽቡቕ ግብርን አብ አምላኽ ንቕረብ ተዓረቕኒ አብ ክፍአተይ ጸኒዐ ከይቅጽሊ ልበይ አለስሊስካ ክምለስ ሓግዘኒ ንበሎ።

ንዝጽበየና ዘሎ አምላኽ ንመለሶ።

ንስሓ ዝመልኦ ሰሙነ ሕማማት ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ።